ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ

The interim regional administration of Tigray

ቤት ፅሕፈት ፕረዚደንት

Office of the President

ዕለት
Date 16/1/2017

ቑፅሪ
Ref. NO. ፀ/ፕ/8/84

ናብ ካቢኔ ሴክሬታርያት ሰላምን ፀጥታን

<u>መቐለ</u>

**ዋኒኑ፦ <u>ዝተመሓየሸ መምርሒ ቁፅሪ 02/2017ዓ.ም ምልኣኽ ይምልከት</u>**

ብዕለት 12/01/2017ዓ.ም ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ምይይጥ ብምግባር ብደንቢ ቑፅሪ 18/2017 ዓ/ም ዓንቀፅ 4 /2/ መሰረት ዓንቀፅ 37 ገፅ 16 ዝሓዘ ዝተመሓየሸ መምርሒ ሕጊ ገበን ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ቁፅሪ 02/2017ዓ.ም ዝፀደቐ ንልኣኽ ስለዘለና ናብ ስራሕ ክኣቱ የፍልጥ።

ምስ ሰላምታ

ጌታቸው ረዳ ካሕሳይ

ፕሬዚደንት ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ

Tigray Regional State Interim Administration

**ቕዳሕ**

- ንቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን
- ንቢሮ ፍትሒ

<u>መቐለ</u>

ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ካቢኔ ሴክሬታርያት ሰላምን ፀጥታን

Tigray Interim Administration Cabinet Secretariat Of Peace & Security

ታደሰ ወረደ ተስፋይ (ሌ/ጀ)
ምክትል ፕረዚደንት
ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ

ራእይ፦ <u>ግ/ምም/ር ትግራይ</u>

''ዝተመሓየሸ መነባብሮ፣ ዝለዓለ ብርኪ ትምህርትን ቴክኖሎጂን ዝወነነ ሕ/ሰብ፣ ኣብ ተሳትፎ ህዝቢ ዝተመስረተ ዲሞ/ሲ፣ ሰላምን ሰናይ ምም/ርን ዝነገሰላ፣ ምዕቡልን ተዋዳዳራይን ዝኾነ ማእኸላይ እቶት ዘለወን ሃገራት ዘረጋገፀ ብርኪ ዕብየት ኢኮኖሚ ዝበፅሐት ትግራይ ምርኣይ።

☎ 03 4 4 40 91 92 ፋክስ 03 4 - 440 24 37 Fax: 03 44 40 24 37 ፖስታ ✉ 120 መቐለ ትግራይ ኢትዮጵያ Mekelle, Tigrai, Ethiopia

# መምርሒ  ሕጊ ገበን ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ

መስከረም 2017 ዓ/ም

# ሕጊ ገበን ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ንምድንጋግ ዝወፀ መምርሒ

# ቁፅሪ 02/2017ዓ/ም

## <u>መእተዊ</u>

ትግራይ ገጢሙዋ ኣብ ዝነበረ በዳሂ ኩነታት ንምስጋር ይሕግዙ እዮም ዝተባሃሉ ዋኒናት ሕግታት ህፁፅ እዋን ወፂኦም ኣብ ስራሕ ዉዒሎም ዝነበሩ ሕግታት ብመሰረት ዉዕሊ ፕሪቶርያ ናብ ስሩዕ ሕጊ ንምምላስ ደንቢ ቁፅሪ 4/2016ዓ/ም ኣብ ስራሕ ከምዝዋዓለ ዝፍለጥ እዩ። ብመሰረት እቲ ናብ ስሩዕ ሕገ-መንግስታዊ ንምምላስን ስምምዕነት ዉዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ብኣግባቡ ንምፍፃም ክሕግዝ ዝኽእል ኣሰራርሓን ንምትእትታዉን ስራሕቱን ዝፍፅመሉ ኣገባብ ንመትዕርራይን እዚ ኣብ ስራሕ ዘሎ መምርሒ ንህሉዉ ኩነታት ብዝጥዕም ክመሓየሽ ኣድላዪ ምኳኑ ስለዝተኣመነሉ፣

ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ህዝባውነቱ ዝያዳ ንምጥንኻር፣ ከምኡ እውን ንልዕልነት ሕጊ ዝቸውምን ብሕጊ ዝግዛእን ሓይሊ ምህናፅ ኣገዳሲ ብምኳኑ፣

ብኣወዳድባኡን ናይ ምፍፃም ዓቕሙን እናዓበየ ዝመፀ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብሕግን ስርዓትን ንምምሕዳርን ዘቕፅዑ ተግባራት ብሕጊ ኣቸዲምካ ብምድንጋግ መጠንቐቕታ ንመሃብ፣ ተግባራት ገበን ተፈፂሞም እንተርከቡ ንምቕፃዕን ንምክልኻልን ሕጊ ምውፃእ ኣድላይ ብምኳኑ፣

ኣካላት ፍትሒ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብምጥያሽ ስልጣንን ተግባሮምን ብምውሳን ገበናት ትካላዊ ብዝኾነ ኣገባብ ብምክልኻልን ብምቕፃዕን ሰብኣዊ መሰል ጥርጡራትን ተኸሰስትን ክኽበር ምግባር ኣገዳሲ ብምኳኑን፤

ነዚዑይ ድማ ኣብ ስራሕ ዝነበረ መምርሒ ስነ-ምግባር ገበን ምምሕያሽ ኣድላዪ ኮይኑ ስለ ዝተረኸበ ብመሰረት ደንቢ ቁፅሪ 18/2017 ዓ/ም ዓንቀፅ 4 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ እዚ መምርሒ ወፂኡ ኣሎ።

Tigray Regional State Interim Administration

ክፍሊ ሓደ

ሓፈሻዊ

**ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ፦**

እዚ መምርሒ "ሕጊ ገበን ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ንምድንጋግ ዝወፀ መምርሒ ቁፅሪ 02/2017 ዓ/ም ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም፦**

ኣብዚ መምርሒ፦ ኣጠቓቕማ ቃሉ ካሊእ ትርጉም ክውህቦ ዝክእል እንተዘይኮይኑ ኣብዚ መምርሒ ዝስዕብ ትርጉም ተዋሂቡ ኣሎ፤

1. **ርእሰ ምምሕዳር ማለት፦** ከም ኩነታቱ ርእሰ ምምሕዳር ግዚያዊ ክልል ትግራይ ወይ ርእሰ ምምሕዳር ብሂራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፤
2. **ምክትል ርእሰ ምምሕዳር ማለት፦** ከም ኩነታቱ ምክትል ግዚያዊ ርእሰ ምምሕዳርን ሓላፊ ካቢኔ ሰክራተሪያት ሰላምን ፀጥታን ወይ ምክትል ርእሰ ምምሕዳር እዩ።
3. **ሓላፊ ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ማለት፦** ሓላፊ ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ እዩ።
4. **ወታሃደራዊ ካዉንስል ማለት፦** ሰላም፤ ፀጥታን ደሕንነትን ክልል ትግራይ ዘረጋግፅ ብሓላፊ ቢሮ ሰላምን ፀጥታን ዝዉደብን ዝምራሕን ንልእኹ ኣድለይቲ ዝኾኑ ኣዘዝቲ ዝሓዘ ቤት ምኽሪ እዩ።
5. **ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ማለት፦** ሰላምን ፀጥታን ክሕሉ ዝተወደበ ሕይሊ እዩ። ይኹን እምበር መደበኛ ፖሊስ፤ ሚሊሻ፤ ካልኦትን ብናይ ባዕሎም ሕጊ ዝመሓደሩ ኣይሓዉስን።
6. **ቤት ምኽሪ ሰላምን ፀጥታን ማለት፦** ሰላም፤ፀጥታን ደሕንነትን ክልል ትግራይ ዘረጋግፅ ብርእሰ ምምሕዳር ዝዉደብን ዝምራሕን ንልእኹ ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰባት ዝሓዘ ቤት ምኽሪ እዩ።
7. **ኣዛዚ ማለት፦** በቢብርኩ ዘሎ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ንምምራሕን ንምምሕዳርን ሓላፍነት ዝተውሃቦ ሰብ እዩ፤
8. **ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ማለት፦** ሰላምን ፀጥታን ክሕሉ ዝተወደበ ሕይሊ እዩ። ይኹን እምበር መደበኛ ፖሊስ፤ ሚሊሻ፤ ካልኦትን ብናይ ባዕሎም ሕጊ ዝመሓደሩ ኣይሓዉስን።
9. **ተጋዳላይ /ኣባል/ ማለት፦** ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ እዩ፤

10. ግቡእ ማለት፡- ዝኾነ ይኹን ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ናብ ታዕሊም ካብ ዝኣተወሉ እዋን ጀሚሩ ካብ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ክሳብ ዝሰናበት ኣብ ዘሎ ግዘ ውሽጢ ዝፍፅሞ እዩ፣

11. ክቱት ኣዋጅ ማለት፡- ብብርኪ ትግራይ ብዝምልከቶ ኣካል ምልክት ሓደጋ ኣዋጅ ክቱት ኣብ ዝተነገረሉ ወይ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ኣብ ልኡኽ ምህላዉ ዝምልከት ህዑፅ ግዘ ኣዋጅ እንትእወጅ ዝፍፀም ተግባር እዩ፣

12. ትእዛዝ ማለት፡- ሕግን ስርዓትን ሓልዩ ልኡኽ ንምፍፃም በቢብርኩ ዝርከብ መሪሕነት ብቓል፣ ብምልክት፣ ብፅሑፍን ካልኡት ሜላታት መራኸብን ዝመሓላለፍ መልእኽቲ እዩ፤

13. ምሽጥር ማለት፡- ንድሕንነትን ረብሓን ህዝብን ዓድን ተባሂሉ ሓለዋን ገደብን ዝግበረሉ፣ ብዘይፍቓድ ንዘይምልከቶ ኣካል ወይ ሰብ ዘይግለፅ ሓበሬታ ወይ መረዳእታ እዩ፤

14. ዉግእ ማለት፡- ኣብ ዉሽጢ ኩናት ኮይንካ ኣብ ዝተወሰነ እዋንን ቦታን ምስ ፀላኢ ዝግበር ግጥም ማለትእዩ። ካብ ትልምን ምድላውን ውግእ ጀሚሩ ክሳብ ዉግእን ድሕሪ ውግእ ዝግበር ሓይልኻ ምቁፅፃርን ዳግመ ዉደበን ዘጠቓልል እዩ፤

15. ማእኸል ቤት ህንፀት ማለት፡- ጥፍኣት ገበን ፈፂሙ እስራት ዝተወሰነሉ ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ህንፀት ዝግበረሉ ማእኸል እዩ፤

16. ማእኸል ታዕሊም ማለት፡- ተዓላማይ ወይ ሰልጣናይ ተቐቢሉ ወተሃደራዊ ስልጠና ንምሃብ ብዝምልከቶ ኣካል ዝተጣየሸ ትካል እዩ፤

17. ተዓላሚ ማለት፡- ኣብ ማእኸል ታዕሊም ኣትዩ ወታሃደራዊ ስልጠና ኣብ ምውሳድ ዝርከብ ተፈጥሮኣዊ ሰብ እዩ፤

18. ወገን ማለት፡- ኣብ ዝኾነ ይኹን ከባቢ ዝርከብ ደጋፊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ሰብ እዩ፤

19. ፀላኢ ማለት፡- ኣንፃር ህላወ፤ድሕንነትን ሉኣላዉነትን ህዝቢ ትግራይ ኩናት ዝኣወጀ ወይ ዝወረረ መንግስቲ ወይ ዝኾነ ሓይሊ እዩ።

20. ሰብ ማለት፡- ተፈጥሮኣዊ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተወሃቦ ኣካል እዩ፤

21. ኣገላልፃ ፆታ፡-ኣብዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣነስታይ እውን ዝገልፅ እዩ፤

Tigray Regional State
Interim Administration

ዓንቀፅ 3. <u>ወሰን ተፈፃምነት፦</u>

እዚ መምርሒ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ተፈፃምነት ይህልዎ። ከም ኣድላይነቱ ኣብ ልዕሊ ሲቪል ዝኾነ ሰብ ተፈፃሚ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

ዓንቀፅ 4. <u>ዕላማ፦</u>

እዚ መምርሒ ዝስዕቡ ዕላማታት ይህልውዎ።

1. ገበን ከይፍፀም ንምክልኻል፣ ትድመ መጠንቀቕታ ንምሃብን መቕፅዓይነቱ ንምሕባርን፤ ገበን ተፈፂሙ እንተርከብ ብሕጊ እርማት ንምሃብ ንቀፃሊ ፍፃመ ገበናት ክዕገቱን ንኽልእት መምሃሪ ክኾኑን ሕጋዊ ስጉምቲ ንምውሳድ፤
2. ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃር ገበንን ትካላዊ ብዝኾነ ኣገባብ ንምፍፃም ኣካላት ወታደራዊ ፍትሒ ንምህናፅን ሓበራውን ትካላውን ሓላፍነት ንምንፃር እዩ።

## ክፍሊ ክልተ

**ምጥያሽ ስልጣንን ተግባርን ኣካላት ፍትሒ**

ዓንቀፅ 5. <u>ምጥያሽን ኣወዳድባን ኣካላት ፍትሒ፦</u>

ዝስዕቡ ኣካላት ፍትሒ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ኮይኖም በዚ መምርሒ ተጣይሾም ኣለዉ፣

1. ወተሃደራዊ ፖሊስ፣
2. ወተሃደራዊ ዓ/ሕጊ፣
3. ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ
4. ወተሃደራዊ ተኸላኻሊ ጠበቓ ዝሓቑፈ እዩ፣

ዓንቀፅ 6. <u>ተፀዋዕነት፣</u>

1. ማእኸል ወተሃደራዊ ፖሊስ፣ ንማእኸል ፖለቲካዊ ጉዳያት ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ
2. ግንባር ወተሃደራዊ ፖሊስ፣ ንግንባር ፖለቲካዊ ጉዳያት፤
3. ማእኸል ወተሃደራዊ ዓ/ሕጊ፣ ወታሃደራዊ ቤት ፍርድን ንሓላፊ ካቢኔ ሴክሬታርያት ሰላምን ፀጥታን፤
4. ግንባር ወተሃደራዊ ዓ/ሕጊ፣ ወታሃደራዊ ቤት ፍርድን ንግንባር ኣዛዚ፤
5. ማእኸል ወታሃደራዊ ተኸላኻይ ጠበቃ ንማእኸል ወታሃደራዊ ቤት ፍርዲ፤
6. ግንባር ተኸላኻይ ጠበቃ ንግንባር ወታሃደራዊ ቤት ፍርዲ፤

ዓንቀፅ 7. <u>ስልጣንን ተግባርን ወተሃደራዊ ማእኸል ፖሊስ፦</u>

ወተሃደራዊ ፖሊስ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልውዎ፤



Tigray Regional State Interim Administration

1. ኣብ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ስራሕቲ ምክልኻል ገበን ይሰርሕ፣ ገበናት ኣቓዲምካ ንምክልኻል ዘኽእል ኣሰራራሓ ይኽተል፣
2. ገበን ተፈፂሙ እንትርከብ ጥቆማ ገበን እንትቐርበሉ፣ መመልከቲ ክሲ ገበን እንትቐርበሉ ብመሰረት ሕጊ የፃሪ፣ ዝተፃረየ መዝገብ ንውሳነ ንዝምልከቶ ዓቃቢ ሕጊ የቕርብ፣
3. ድሕንነትን ስነ ስርዓትን ሓለዋ ወተሃደራዊ ካምፕታትን ቢሮታትን የኽብር፤ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣
4. መፅንሒ ወይ መዕረፊ ጥርጡራትን ቤት ህንፀትን ማእኸል ይውድብ፣ የመሓድር፣ ተሃነፅቲ ገበን ተቐቢሉ ይሃንፅ፣
5. ተሃነፅቲ ገበን ዝህነፁሉ ስርዓትን ኣገባብብን ዝምልከት ከምኡ እውን ወተሃደራዊ ቤት ህንፀት ዝምረሐሉ መምርሒ የዳሉ፣
6. ብዝምልከቶ ኣካል ዝተውሃበ ውሳነ ይቅርታን ምሕረትን የፈፅም፣
7. ካብ ላዕለዋይ ሓላፊ ዝተወሃቦ ትእዛዝ ተቐቢሉ የፈፅም
8. ወታሃደራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ስሩዕ ቤት ፍርድን ዝሃቦ ትእዛዝ ተቐቢሉ ይፈፅም፣
9. ካብ ማእኸል ቀዳማይ ብርኪ ቤት ፍርድን ወታሃደራዊ ይግበኣኒ ሰማዒ ዝተወሃቦ ትእዛዝ ተቐቢሉ ንግንባራት የፈፅም፤
10. ምምሕዳራዊ ዋኒናት ክፍሉ ይመርሕ፣ ኣብ ኣሃዱታት ምስ ዝርከቡ መሓውሩ ዝህልዎ ርክብ ስራሕ ዝምልከት መምርሒ ክወፅኣሉ ይገበር።

- ስልጣንን ተግባርን ግንባር ዋታሃደራዊ ፖሊስ፤

1. ኣብ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ስራሕቲ ምክልኻል ገበን ይሰርሕ፣ ገበናት ኣቓዲምካ ንምክልኻል ዘኽእል ኣሰራራሓ ይኽተል፣
2. ገበን ተፈፂሙ እንትርከብ ጥቆማ ገበን እንትቐርበሉ፣ መመልከቲ ክሲ ገበን እንትቐርበሉ ብመሰረት ሕጊ የፃሪ፣ ዝተፃረየ መዝገብ ንውሳነ ንዝምልከቶ ዓቃቢ ሕጊ የቕርብ፣
3. ድሕንነትን ስነ ስርዓትን ሓለዋ ወተሃደራዊ ካምፕታትን ቢሮታትን የኽብር፤ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣
4. መፅንሒ ወይ መዕረፊ ጥርጡራትን ቤት ህንፀትን ማእኸል ይውድብ፣ የመሓድር፣ ተሃነፅቲ ገበን ተቐቢሉ ይሃንፅ፣



ግዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State Interim Administration

5. ተሃነፅቲ ገበን ዝህነውሉ ስርዓትን ኣገባብብን ዝምልከት ከምኡ እውን ወተሃደራዊ ቤት ህንፀት ዝምረሐሉ መምርሒ የዳሉ፣
6. ብዝምልከቶ ኣካል ዝተውሃበ ውሳነ ይቅርታን ምሕረትን ምስ መዳርግቲ ኣካላት ኮይኑ የፈፅም፣
7. ካብ ላዕለዋይ ሓላፊ ዝተወሃቦ ትእዛዝ ተቐቢሉ የፈፅም
8. ወታሃደራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ስሩዕ ቤት ፍርድን ዝሃቦ ትእዛዝ ተቐቢሉ ይፈፅም፣

ዓንቀፅ 8. <u>ስልጣንን ተግባርን ኮሚሽን ቤት ህንፀት ክልል ትግራይ፦</u>

1. ብወታሃደራዊ ኣብያተ ፍርዲ ንልዕሊ ክልተ ዓመት ክእሰር ዝተወሰነሉ ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ተቀቢሉ ይሃንፅ ወይ የፈፅም፣
2. ንልዕሊ ክልተ ዓመት ክእሰር ዝተወሰነሉ ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ይቅርታን ምሕረትን ምስ መዳርግቲ ኣካላት ኮይኑ ይፍፅም፤

ዓንቀፅ 9. <u>ስልጣንን ተግባርን ወተሃደራዊ ዓ/ሕጊ፦</u>

ወተሃደራዊ ዓ/ሕጊ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልውዎ፤

1. ኣብ ስልጣን ዳይነት ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝወድቕ ዋኒን ገበን ይኸስስ፣ ይካታዕ፣
2. ገበን ተፈፂሙ እንትርከብ በቢብርኩ ዘሎ ዝምልከቶ ኣዛዚ ክፈልጦ ብምግባር ክሲ ይምስርት፣ ይካታዕ፣ ኣፈፃፅማ ቅፅዓትን ምኽባር ሕግን ይከታተል፤
3. ምፅራይ ገበን ይመርሕ፣
4. ኣብ መደበኛ ቤት ህንፀት ዝርከቡ ተሃነፅቲ ኣባላት ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ዝምልከት ይቅርታን ምሕረትን እንትቐርብ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብምምኽኻር ርኢቶ ይህብ፣
5. ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ዘገልግሉ ሕግታት፣ ደንብታትን መምርሕታትን የርቅቕ፣ ግንዛበ መዕበዪ ሕጊ ትምህርቲ ይህብን የስርዕን፣
6. ንሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ሕጊ ምኽሪ ይህብ፣
7. ኣብ ዋኒናት ፍትሃብሄር ንሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ወኪሉ ይኸስስ፣ መልሲ ይህብ፣ ረብሓ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ የኽብር ክኽበር ይገብር፣
8. ወታሃደራዊ ዝምድናታት ዝምልከትን ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ንዘካይዶም ዓበይቲ ዕደጋታትን ዝፍፅሞም ዉዕላትን ዘገልግሉ ሰነዳት የዳሉ ሕጋዊ ርኢቶ የቕርብ፣
9. ምምሕዳራዊ ዋኒናት ክፍሉ ይመርሕ፣ ኣብ ኣሃዱታት ምስ ዝርከቡ መሓውሩ ዝህልዎ ርክብ ስራሕ ዝምልከት መምርሒ ክወፅኣሉ ይገብር ሞያዊ ድጋፍ ይህብ፡፡



ግዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Interim Regional State Administr...

10. ሰብኣዊ መሰል ተሃሲሱ፡ ኣተሓሕዛ ዝምልከት ይኸታተል
11. ዝሓለፈ ጉዳይ ክሳብ መወዳእታ ወይ ሰበር መጋባእያ ሒዙ ይከራከር፤

ዓንቀፅ 10. <u>ናይ ምርኣይ ስልጣን፡-</u>

1. ወታሃደራዊ ገበን ኣብ ዝተፈፀመሉ ወይ ውፅኢት ኣብ ዝተረኸበሉ ይርኢ፤
2. እዙይ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ሕልዉ ኮይኑ ወታሃደራዊ ገበን ኣብ ዝተፈፀመሉ ወይ ውፅኢት ኣብ ዝተረኸበሉ ምርኣይ ኣብ ዘይካኣለሉ ኩነታት ከባብን ኣወዳድባ ኣሃዱን ምኽንያት ብምግባር ነቲ ጉዳይ ካብ ምርኣይ ክግደቡ ኣይኽእሉን።
3. ወታሃደራዊ ኣካላት ፍትሒ ዝሀብዎ ግልጋሎት ተበፃሕነት መሰረት ዝገበረ ይኸዉን።

ክፍሊ ሰለስተ

ስልጣን ዳይነት ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ

ዓንቀፅ 11. <u>ብርክታት ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ፡-</u>

ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝስዕቡ ብርክታት ይህልዉዎ፡-

1. ቀዳማይ ብርኪ ወታደራዊ ቤት ፍርዲ፣
2. ይግባኣኒ ሰማዒ ወታደራዊ ቤት ፍርዲ፤

ዓንቀፅ 12. <u>ስልጣን ዳይነት ቀዳማይ ብርኪ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ፡-</u>

1. ቀዳማይ ብርኪ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝስዕብ ስልጣን ዳይነት ገበን ይህልዎ፣
   ሀ. ኣብ ሕጊ ገበን ፌደራል ካብ ዓንቀፅ 284 ክሳብ ዓንቀፅ 322 ብዝተቐመጡ ድንጋገታት ወተሃደራዊ ገበን ተሓታቲ ዝኾነ ሰብ፣
   ለ. ኣብ ሕጊ ገበን ፌዴራል ዓንቀፅ 461፤462፤ 464 ዝተፀቀሱ ገበናት ኣብ ወታሃደራዊ ቤት ህንፀት፤ ጊዝያዊ ወታሃደራዊ መዕረፊ ወይ ካልእ ብሕጊ ኣገባብ ወታሃደራዊ እሱራት ንኽዕርፍሉ ወይ ክፀንሕሉ ዝተወሰነ ቦታ ብኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ወይ ዝኾነ ይኹን ሰብ ምስ ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብምትሕብባር ወይ ምስ ኣሃዱታት ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብዝተዋፈረ ዝኾነ ይኹን ሰብ እንትፍፀሙ፤
   ሐ. ተዓላሚ ዝፍፅሞም ኣብ ትሕቲ ስልጣን ዳይነት ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝወድቁ ገበናት፣
2. ብኽፉል ኣብ ትሕቲ ስልጣን ዳይነት መደበኛ ቤት ፍርዲ ብክፉል ድማ ኣብ ትሕቲ ስልጣን ዳይነት ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ዝወድቁ ገበናት እንትጋጥሙ ዝለዓለ ቅፅዓት ናይ ምውሳን ስልጣን ናብ ዘለዎ ኣካል ተጠቓሊሎም ይቐርቡ፣

3. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ኣብ ትሕቲ ስልጣን ዳይነት መደበኛን ወተሃደራዊን ቤት ፍርዲ ዝወድቁ ገበናት ብማዕረ መጠን ቅፅዓት ዘቕፅዑ እንትኾኑ መረዳእታ ንምቕራብ ምዕሩይነት ቅርበትን ኣብ ዘለዎ ሓዲኡ ቤት ፍርዲ ተጠቒሊሎም ክረኣዩ ይግበር።
4. ብመዳይ ምምሕዳራዊ ዋኒናት ንኽፍሉ የተሓባብር፤

ዓንቀፅ 13. <u>ስልጣንን ዳይነት ይግባኣኒ ሰማዒ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ፦</u>

1. ይግባኣኒ ሰማዒ ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ቀዳማይ ብርኪ ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ሪኡ ውሳነ ዝሃበሉ ዋኒን ብይግባኣኒ ናይ ምድናይ ስልጣን ይህልዎ፤
2. ይግባኣኒ ሰማዒ ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ውሳነ ቀዳማይ ብርኪ ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ክፅንዕ፣ ክመሓይሽ፣ ክስዕር ወይ ብነጥቢ ክምልስ ይኽእል፣
3. ብመዳይ ምምሕዳራዊ ዋኒናት ንክፍሉ የተሓባብር፣ ይመርሕ፣ ንቀዳማይ ብርኪ ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ሙያዊ ድጋፍ ይህብ ዝርዝር ኣፈፃፅማኡ ብመምርሒ ይውሰን።

ዓንቀፅ 14. <u>ስልጣንን ተግባርን ወተሃደራዊ ተኸላኻሊ ጠበቓ፦</u>

1. ንተጠርጣሪ ወይ ተኸሳሲ ኣገልግሎት ምኽሪ ሕጊ ወይ ጥብቅና ይህብ፤
2. ወተሃደራዊ ሚሽጥር ምዕቃብ ንኽካኣል ዝኾነ ይኹን ወተሃደራዊ ተኸላኻሊ ጠበቓ ካብ ኣባላት ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ብዝምደብ ተኸላኻሊ ጠበቓ ጥራሕ ይኸውን፣
3. ዝሓዞ ጉዳይ ክሳብ መወዳእታ  ወይ ሰበር መጋባእያ ሒዙ ይከራከር፤
4. ዝኾነ ይኹን ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ወይ ልኡኽ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ተዋሂቡዎ ዝተዋፈረ ሰብ ልኡኹ እንትፍፅም ምስ እዙይ ብዝተተሓሓዘ ገበን ፈፂምካ ተባሂሉ ኣብ መደበኛ ቤት ፍርዲ  ክሲ እንትቐርበሉ ግልጋሎት ጥብቅናን ምኽሪ ሕግን ይህብ፣

ዓንቀፅ 15. <u>ስልጣንን ዳይነት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ፦</u>

1. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ዘለዎ ይግባኣኒ ሰማዒ ወታሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ዉሳነ ብሰበር መጋባእያ ናይ ምርኣይ ስልጣን ይህልዎ፣ ዝኾነ ይኹን ተኻታዒ ወገን ብውሳነ ይግባኣኒ ሰማዒ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝተውሃቦ ውሳነ መሰረታዊ ስሕተት ሕጊ ተፈፂሙ እዩ ኢሉ እንትኣምን ናይ መወዳእታ ውሳነ ካብ ዝተውሃበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ሰበር መጋባእያ ጥረዓን ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎ።



ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State
Interim Administration

ዓንቀፅ 16. ግቡእ ዳይና ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ፥-

1. ናብ ስራሕ ዘንጊፅኻ ዘይምእታው፣
2. ብዘይብቑዕ ምኽንያት ንዝምልከቶ ከየፍለጥካ ካብ ስራሕ ዘይምትራፍ፣
3. ምሽጥር ስራሕ ምሕላው፣
4. ንሰብ ጉዳይ ይኹን ንኻሊእ ኣብ መጋባእያ ዘይምዕራፍን ዘይምንሻውን፣
5. መረዳእታን ፋይልን ሰብ ጉዳይ ብኣግባቡ ምሕላው፣
6. ንብረትን ሰነድን ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ብኣግባቡ ምዕቃብ፣
7. ብተኸራኸርቲ ወገናት መሰኻኸር ዝተውሃበ ቃል ብኣግባቡ ምምዝጋብን ዘይምቕያርን፣
8. ብወገንን ጥቕምን ዘይምስራሕ፣

ክፍሊ ኣርባዕተ

ኣሻውማን ዘመን ግልጋሎትን ዳያኑ፣ ምልዓል ካብ መጋባእያን ካብ ዳይነት ምስንባትን

ዓንቀፅ 17. ኣሻውማን ዘመን ግልጋሎትን፡-

1. ዳያኑ ቀዳማይ ብርክን ይግበእኒ ሰማዒ ወታደራዊ ቤት ፍርዲን ኮይኖም ዘገልግሉ ዳያኑ ብሓላፊ ካቢኔ ሴክሬታርያት ሰላምን ፀጥታን ክልል ትግራይ ይሽወሙ።
2. ዳይና ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ኮይኑ ክገልግል ዝሕፀ ሰብ ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ዝኾነ፣ ካብ ኣፍልጦ ዘለዎ ዩኒቨርስቲ ወይ ኮሌጅ ካብ ዲፕሎማ ንላዕሊ ብሕጊ ዝተምሃረን እንተተኻኢሉ ዳይና ወይ ዓቃቢ ሕጊ ኮይኑ ዘገልገለን ብስነ-ምግባሩ ዝተመስገነን ክኸውን ይግባእ፣ ዝርዝር ኣፈፃፅማኡ ብዝወፅእ ረቛሒ ይውሰን፣
3. ኣብ ተራ ቑፅሪ 2 ዝተጠቐሰ ከም ዘሎ ኮይኑ ብዳይነት ልምዲ ስራሕ ዘለዎ ወይ ብሕጊ ሞያ ምስክር ሰርተፍኬት ዘለዎ ከም መማረፂ ምዉሳድ ይካኣል፤
4. ኣብ ኩሎም ብርክታት ቤት ፍርዲ ዝግበር ሹመት ዳያኑ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ተሳትፎ ተጋደልቲ ንደቂ ኣንስትዮ ክረጋገፅ ኣለዎ፣
5. ዘመን ግልጋሎት ዳይና ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ሰለስተ ዓመት ይኸውን።
6. ብዳይነት ንምስራሕ ፍቓደኛ ዝኾነ፣

ዓንቀፅ 18. ካብ መጋባእያ ምልዓልን ካብ ዳይነት ምስንባትን ዳይና ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ፥-

1. ዝኾነ ዳይና ካብዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ሓዲኦም እንተጋጢሙ ካብ መጋባእያ ይለዓል፡-
ሀ. ካብ ተኻታዕቲ ወገናት ምስ ሓዲኦም ወይ ምስ ጠበቓኡ ቐረባ ናይ ስጋ ወይ መውስቦ ዝምድና እንተህልዎ ወይ ፍትሓዊ ውሳነ ንምሃብ ዘየኽእሎ ካልእ ምኽንያት ኣለኒ ኢሉ

እንትኣምን ወይ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኣብ መጋባእያ ከይስየም መመልከቲ እንትቐርበሉን ተቐባልነት እንትረክብን፣

ለ. ኣብቲ ዋኒን ብዝኾነ ይኹን መልክዑ መሰሉ ዝተጎደአ ወይ ተበዳሊ እንተኾይኑ፣

ሐ. ነቲ ዋኒን ኣቐዲሙ ዝረኣዮ እንተኾይኑ ፣

2. ዳይና ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ካብ መጋባእያ ንኽለዓል ዝቐርብ መመልከቲ፡-

ሀ. ብፅሑፍ ኮይኑ ተኻታዒ ወገን ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሀ፣ ለን ሐን ዝተጠቐሱ ምኽንያታት ኣብ ዝፈለጠሉ እዋን ብመረዳእታ ኣደጊፉ ነቲ መጋባእያ ከቕርብ ይኽእል፣

ለ. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሀ፣ ለን ሐን ካብ ዝተጠቐሱ ምኽንያታት ሓዲኡም ከም ዘለው ዝፈለጠ ዳይና ሽዑ ንሽዑ እቲ ኩነታት ብምግላፅ ካብ መጋባእያ ኽለዓል ይግባእ፣

ሐ. ብመሰረት እዚ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል ሀ ካብ መጋባእያ ንኽለዓል መመልከቲ ዝቐረበሉ ዳይና ዝቐረበሉ ሕቶ ምልዓል እንተዘይተቐቢሉዎ ብኻልእ ዳይና ወይ ዳያኑ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ እቲ መጋባእያ ወይ ቤት ፍርዲ ውሳነ ይወሃበሉ፣

3. ዳይና ወታደራዊ ቤት ፍርዲ በዞም ዝስዕቡ ኩነታት ቅድሚ ዘመን ግልጋሎቱ ብዘይፍቓዱ ካብ ዳይነት ክሰናበት ይክእል፣

ሀ. ብምኽንያት ሕማም ስርሑ ብኣግባቡ ንምስራሕ ዘይኽእል እንትኾን፣

ለ. ብዓቕሚ ምንኣስ፣

ሐ. ብገበን ወይ ብጉድለት ጥሕሰት ከቢድ ድስፕሊን ተኸሲሱ ጥፍኣተኛ እንተተባሂሉ፣

መ. ዳይና ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ካብ ስርሑ ዝሰናበት ብዝሸሞ ኣካል ኮይኑ ብዝተጣየሸ ኮሚቴ ዝተፃረየ መበገሲ ሓሳብ መሰረት ክኸዉን ኣለዎ፤

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተጠቐሰ ከምዘለዎ ኮይኑ ዝኾነ ይኹን ዳይና ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ብፍሉይ ኩነታት ንኻልእ ስራሕ እንትድለ ዘመን ግልጋሎቱ ከየብቀዐ ንዝሸሞ ኣካል ብምፍላጥ ካብ ዳይነት ክለዓል ይኽእል።

ዓንቀፅ 19. <u>ናፅነት ዳይነት፡-</u>

ወተሃደራዊ ኣብያተ ፍርድን ዳያኑን ካብ ዝኾነ ይኹን ኣካል መንግስቲ፣ በዓል መዚ ወይ ዝኾነ ይኹን ካልእ ተፅዕኖን ጣልቃ ምእታውን ናፃ ኮይኖም ስራሕቶም የካይዱ፣ ካብ ሕጊ ወፃኢ ብኻልእ ኩነታት ኣይምርሑን።

ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State Interim Administration

ዓንቀፅ 20. ተሓታትነት ዳያኑ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ፦

1. ዝኾነ ዳይና ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ንዝፍፅሞ ጉድለት ስነ-ምግባር ተሓታቲ ይኾውን፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፀ ሕልው ኮይኑ ዳይና ወታደራዊ ቤት ፍርዲ ብገበን ዘሕትት ተግባር ፈፂሙ እንትርከብ ብገበን ተሓታቲ ይኾውን፣
3. ኮሚቴ ስነ ምግባር፣ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝምልከት ብኻሊእ መምርሒ ይዉሰን።

ዓንቀፅ 21. ኣብ መጋባእያ ዝስየሙ በዝሒ ዳያኑ፦

1. ኩሎም ዋኒናት ገበን ሰለስተ ዳያኑ ኣብ ዝተሰየምሉ መጋባእያ ዝረኣዩ ይኾውን፣
2. ኣብ ይግባእኒ ሰማዒ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ብይግባእኒ ዝረኣዩ ዋኒናት ገበን ሰለስተ ዳያኑ ኣብ ዝተሰየምሉ መጋባእያ ይኾውን፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2ን ዝተጠቐሰ ዋላእኳ እንተሃለወ ዝስዕቡ ተግባራት መጋባእያ ዘድልዩ ዳያኑ ዋላ ኣይማልኡ ብሓደ ዳይና ምፍፃም ይከኣል፣

   ሀ. ሕጋዊ ብቕዓት ክሲ ምርግጋፅ፣

   ለ. ተለዋጢ ቆፀሮ ምሃብ፣

   ሐ. ተኸሳሲ ወይ ምስክር ትእዛዝ በፂሖም ኣብ ቆፀሮኡ እንተዘይቀሪቦም ተታሒዙ ብእሱር ክቐርብ ወይ ዘይቀረበሉ ምኽንያት ትእዛዝ ዘይበፅሖ እንተኾይኑ ግቡእ ትእዛዝ ምሃብ፣

   መ. ብመሰረት ሕጊ ስነ ስርዓት ገበን ቁፅሪ 35 ዝወሃብ እምነት ቃል፣

   ረ. ፍርዲ ወይ ቅፅዓት ንተኻታዕቲ ወገናት ምግላፅ ወይ ምንባብ፣

   ሰ. ኣሞክሮ ምሃብ፤
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2ን ዝተጠቐሰ ዋላእኳ እንተሃለወ ዝስዕቡ ተግባራት መጋባእያ ዘድልዩ ዳያኑ ዋላ ኣይማልኡ ብክልተ ዳያኑ ምፍፃም ይከኣል፣

   ሀ. ዝቐረበ መቃወሚ ብምስማዕ ወይ ሕቶ መሰል ዋሕስ ብምስማዕ ግቡእ ትእዛዝ ወይ ብይን መሃብ፣

   ለ. ጥርዓን ይግባእኒ ምስማዕ፣

   ሐ. ቀዳሚ ምርመራ ምስማዕ፣

ክፍሊ ሓሙሽተ

ምዕራይ ገበንን ቅፅዓትን

ዓንቀፅ 22. ጥቆማ ገበን፦

1. ዝኾነ ይኹን ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ወተሃደራዊ ገበን ተፈፂሙ እንትርከብ ንቐረባ ሓላፊኡ ወይ ኣብ ቀረብኡ ንዝርከብ ወተሃደራዊ ፖሊስ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ወይ መደበኛ ፖሊስ ግቡእ ምቅራብ ጥቆማ ኣለዎ፣
2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ጥቆማ ዝቐረበሉ ኣዛዚ፣ መርማሪ ወይ ዓቃቢ ሕጊ ኣብ ውሽጢ ኣገባብነት ዘለዎ ግዘ ብመሰረት ሕጊ ስነ ስርዓት ገበንን በዚ መምርሕን ክግበር ዝግበእ ተግባር ክፍፅም ኣለዎ።

ዓንቀፅ 23. መሓዝ ተጠርጣሪ፦

1. ብመሰረት ድንጋገታት እዚ መምርሒን ሕጊ ስነ ስርዓት ገበን ፌደራልን ተጠርጣሪ ዝሓዘ ዝኾነ ይኹን ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ኣገባብነት ዘለዎ ግዘ ኣብ ቀረባኡ ንዝርከብ ኣመራራሓ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ሪፖርት ክገብር ኣለዎ፣
2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሪፖርት ዝበፀሖ ኣዛዚ ሕጊ ተኸቲሉ፣ እቲ ዝተትሓዘ ተጠርጣሪ ኣብ ውሽጢ ኣገባብነት ዘለዎ ግዘ ንወተሃደራዊ ፖሊስ ወይ መርማሪ ወይ ንመደበኛ ፖሊስ ከረክብ ኣለዎ፣
3. ኣብ ውሽጢ ወተሃደራዊ ካምፕታት፣ ቢሮታት ወይ ኣብ ውልቀ መንበሪ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ግዘ ዘይህብን ሓደገኛን ገበን ወይ ምፍራስ ፀጥታ እንትጋጥም ወይ ክጋጥም እዩ ዘብል ብቑዕ ጥርጣረ እንትህሉ በቢብርኩ ዘሎ ኣዛዚ ክኣስር ወይ ክፍትሽ ይኽእል፣
4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2ን 3ን ዝተፈፀመ ተግባር ምእሳር ተጠርጣሪ ወይ ፈተሻ ንዝምልከቶ ኣመራራሓ ሪፖርት ክግበር ዘለዎ ኾይኑ፣ ንመጓዓዓዚ ዝጠፍእ ግዘ ከይሓወሰ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ዝተትሓዘ ጥርጡር ወይ ብፈተሻ ዝተትሓዘ ንብረት ናብ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ወይ ከከም ኩነታቱ ንመደበኛ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ኣለዎ።

ዓንቀፅ 24. ምዕራይ ገበን፦

1. ወተሃደራዊ መርማሪ ተግባር ገበን እንትፍፀም ወይ ተፈፂሙ ዘብል ብቑዕ ጥርጣረ እንትህልዎ ወይ ጥቆማ እንትበፅሖ ከፃሪ ወይ ንኽፃረ ክገብር ግቡእ ኣለዎ፣

2. ኣብ ትሕቲ ስልጣን ዳይነት ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝወድቕ ዝኾነ ይኹን ገበን በቢ ብርኩ ብዝርከብ ወተሃደራዊ ምዕራይ ገበን ወይ ብፍሉይ ካብ ዓ/ሕግን ካብ ወታሃደራዊ ፖሊስን ብሓባር ብምኻን ክውደብ ብዝኽእል መፃረዪ ጉጅለ ክፃረ ይገብር፣

3. ኣብ ውሽጢ ወተሃደራዊ ካምፕታት፣ ቢሮታት ወይ ኣብ ውልቀ መንበሪ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ወይ ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ትሕዝቶታት ኣብ ትሕቲ ስልጣን ዳይነት መደበኛ ቤት ፍርዲ ዝወድቕ ገበን ተፈፂሙ እንትርከብ ወተሃደራዊ መፃረይቲ ገበን ክጠፍኡ ዝኽእሉ መረዳእታታት ኣኪቦም ብቕልጡፍ ንዝምልከቶ መደበኛ ፖሊስ ናይ ምርካብ ግቡእ ኣለዎም።

ዓንቀፅ 25. <u>ምቁራፅ ክሲ፥-</u>

ዝኾነ ይኹን ክሲ ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ክቋረፅ ዝኽእል፥-

1. ገበን ፈፃሚ ብዝፈፀሞ ተግባር ገበን ዝተጣዓሰ እንተኾይኑ፣ ምስ ውልቀ ተበዳሊ ዝተዓረቐ፣ ካሕሳ ዝኸፈለ ወይ መተኣማመኒ ዋሕስ ካሕሳ ዝገበረ እንትኾንን ፡-

   ሀ. ተኸሳሲ ብምኽሳሱ ኣብ ልዕሊ ረብሓ ህዝብን መንግስትን ዝበፅሕ ጉድኣት ከቢድ እንትኸውን ወይ ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ዝቐረበ ክሲ ክቋረፅ ምግባር ረብሓ ህዝብን መንግስትን ኣብ ምርግጋፅ ዝለዓለ ትርጉም ዘለዎ እንተኾይኑ፣ ወይ ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ዝቐረበ ክሲ እንትቋረፅ ረብሓ ህዝብን መንግስትን ዘረጋግፅ ምኻኑ እንትእመነሉ፣

   ለ. ተኸሳሲ ቅድሚ እዚ ገበን ምፍፃሙ ኣብ ዘሎ 2 ዓመት ውሽጢ ኣብ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ ዝነበሮ ታሪኽ ብጅግንነት ዝፍለጥ እንተኾይኑ፤

2. ክሲ ክቋረፅ ዝኽእል ብጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ወይ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ብፅሑፍ እንትእዝዝ ጥራሕ እዩ።

3. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ዝተቛረፀ ክሲ እቲ ንምቁራፅ መበገሲ ዝኾነ ምኽንያት ተጣሒሱ እንትርከብ ወይ ካብ መጀመርትኡ ንምቁራፅ መበገሲ ዝኾነ ምኽንያት ብስሕተት ወይ ብሓሶት መረዳእታ ዝተረኸበ ምኻኑ እንትረጋገፅ ዝተቛረፀ ክሲ ብጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ወይ ብርእሰ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ንክንቀሳቀስ ክእዝዝ ይኽእል፣

4. ዝኾነ ይኹን ክሲ ዝቋረፅ ቅድሚ ፍርዲ ኮይኑ ብፅሑፍ ይኸውን።

ዓንቀፅ 26. <u>ኣፈፃፅማ ቅፅዓት፡-</u>

1. ብወታሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝውሰን ቅፅዓት ከከም ኩነታቱ ኣብ ወተሃደራዊ ወይ መደበኛ ቤት ሀንፀት ክፍፀም ይኽእል፣
2. ብወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ልዕሊ ክልተ ዓመት እስራት ክፍፅም ዝተወሰኖ ኣባል ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ እስራቱ ኣብ መደበኛ ቤት ሀንፀት ክፍፅም ይግበር፣
3. ሕቶ ዝውውር፣ ይቅርታን ምሕረትን ካልኦት ተዛመድቲ መሰላትን ተሃነፅቲ እቲ ተሃናፂ ኣብ ዝርከበሉ ቤት ሀንፀት ይፍፀም።

ዓንቀፅ 27. <u>ኣፈፃፅማ ቅፅዓት ሞት፡-</u>

ብወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝተወሰነ ቅፅዓት ሞት ንምፅዳቕ ብሕጊ ስልጣን ብዘለዎ ኣካል ምስፀደቐ ተፈፃሚ ይኸዉን፣ ብይቅርታ ወይ ብምሕረት ዘይተሰዓረ ወይ ዘይተለወጠ ምዃኑ ኣቐዲሙ ክምርመር ኣለዎ።

ዓንቀፅ 28. <u>ወተሃደራዊ ኣካላት ፍትሒ ዝምርሕሎም ሕግታት፡-</u>

1. ሕጊ ስነ-ስርዓት ገበን ፌደራልን ከከም ኣገባብነቱ ካልኦት ሕግታትን ውሳነታትን ኣብዚ መምርሒ ኣብ ዘይተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት ይሀልዎም፣
2. ወተሃደራዊ ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ኣዋህባ ቕፅዓት፡ ማንዋል ቅፅዓት ፌደራልን ካልእ ኣግባብነት ዘለዎ ሕግን ኣብ ተግባር የውዕሉ፣
3. ኣብ ኣዋህባ ውሳነ ኣብ ሞንጎ ዳያኑ ኣፈላላይ እንትሀሉ ብኣብዝሓ ድምፂ ይውሰን።

ዓንቀፅ 29. <u>ቋንቋ ስራሕ ወተሃደራዊ ኣብያተ ፍርዲ፣</u>

1. ቋንቋ ስራሕ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ትግርኛ ይኸዉን፣
2. ቋንቋ ትግርኛ ንዘይኽእል ተኸሳሲ ወይ ምስክር ቤት ፍርዲ ተርጓሚ ክምድበሉ ይግበር፣

ክፍሊ ሸዱሽተ

ብዛዕባ ይቅርታን ምሕረትን፡-

ዓንቀፅ 30. <u>ይቅርታ</u>

1. ኣወሃህባ ይቅርታ ብዝምልከት ኣብ ፌዴራል ገበን ሕጊ ዓንቀፅ 229 ብዝተደንገገ መሰረት ዝፍፀም ይኸዉን ።
2. ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን።

ዓንቀፅ 31. <u>ምሕረት፡-</u>

Tigray Regional State Interim Administration

1. ኣወሃባ ምሕረት ብዝምልከት ኣብ ፌዴራል ገበን ሕጊ ዓንቀፅ 230 ብዝተደንገገ መሰረት ዝፍፀም ይኸዉን ።

2. ዝርዝር ኣፈፃፅማኡ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን።

ክፍሊ ሸውዓተ

ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

ዓንቀፅ 32 ይርጋፅ፦

ኣብ ትሕቲ ስልጣን ዳይነት ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝወድቑ ገበናት ብዝምልከት ይርጋፅ ክስን ቅፅዓትን ኣብ ገበን ሕጊ ፌደራል ብዝተደንገገ መሰረት ዝፍፀም ይኸዉን።

ዓንቀፅ 33. መሰጋገሪ ድንጋጌ፦

1. ብመሰረት መምርሒ ስነ ምግባር ሰራዊት ትግራይ ቁፅሪ 02/2013 ዓ/ም ተጀሚሮም ዕልባት ዝረኸቡ ዝፀንዑ ይኾኑ።
2. ኣብ ከይዲ ዝርከቡ ዋኒናት ብዝነበሩ ሕግታትን ኣሰራራሓታትን ተፈፃምነት ይረኽቡ።
3. ብደንቢ ቁፅሪ 18/2017ዓ/ም ዓንቀፅ 5 መሰረት ካብ ሕዳር 26/03/2016 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ እዚ መምርሒ እዚ ዝፀደቐሉ እዋን ዝተፈፀሙ ወታሃደራዊ ገበናት በዚ መምርሒ እዚ ተፈፃሚ ይኾኑ፣

ዓንቀፅ 34. ስልጣን ምውፃእ መምርሒ፦

ካቢኔ ሰክሬታርያት ሰላምን ፀጥታን ነዚ መምርሒ መፈፀሚ ዝኸውን ዝርዝር መምርሒ ከውፅእ ይኽእል።

ዓንቀፅ 35. ዝተሰዓሩ ሕግታት፦

መምርሒ ስነ ምግባር ሰራዊት ትግራይ ቁፅሪ 02/2013 ዓ/ም ብደንቢ ቑፅሪ 4 ዓንቀፅ 12/1/ 2016 ዓ/ም ተሳዒሮም ስለ ዘለዉ በቲ ዝተሳዓሩ መሰረት ተፈፃሚ ይኸዉን።

ዓንቀፅ 36. ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት፦

ምስ እዚ መምርሒ ዝፃባእ ዝኾነ ይኹን ሕጊ፣ መምርሒ፣ ቀዋሚ ትእዛዝ፣ ዉሳነ ወይ ልምዳዊ ኣሰራርሓ በዚ መምርሒ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት የብሎምን።

ዓንቀፅ 37. እዚ መምርሒ ተፈፃሚ ዝኾነሉ ግዜ፦

እዚ መምርሒ ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት 17/01/2017 ዓ/ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን።

ጌታቸው ረዳ

ፕረዚደንት ግዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ

መቐለ